# ጠለብ መርመራ ይተርር

ካብ ሃገራት ቀኣጠባዊ ክሊ ኤውሮጳን ክሊ ሃገራት ሸንገንን ንዝኾኑ ዜጋታት ፈጣን መርመራ ኮሮና ጸረ-ጂን ብምውሳድ እወታዊ ውጽኢት ኮርኖ ንዘርኣዩ (ኮሮና ኣለኩም ዝተባህሉ) መርመራ-PCR እውን ኣብ ዶብ ክወስዱ ኣለዎም ዝብል መንግስቲ ኖርወይ ከም ጠለብ የቕርብ። ቀጺሉ ኩሎም እቶም ድሕሪ መርመራ-PCR ምውሳዶም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ዝኣትው ሰባት ሸውዓተ ምዓልታት ድሕሪ ዕለተ-ምእታዎም ክምርመሩ ኣለዎም። ንኡሳን ዘባታት መርመራ-PCR ንምክያድ ዕድል ንክህባ ግዲታዊ ሓላፍነት ክስከማ ኢየን።

እዞም ነታኣታትዎም ዘለና ለውጥታት ኣብ ምሕጽንታታት ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ዝተሞርኰሱ ኢዮም።

- ካብ ወጻእ-ሃገር ንዝመጽእ ለብዒ ንምግታእ ዘሎ ስርዓት ኖርወይ ሓደ ካብቶም ናይ ኤውሮጳ ዝተረሩ ስርዓት ኢዩ። ንመርመራ ኮሮና ዝምልከት ሕጊ ኸኣ ሕጂ እንደገና ነትርሮ ኣለና። ነቶም ተቐያያሪ ባህሪ ዘለዎምን ዝያዳ ተላባዕቲ ዝኾኑ ቫይረሳት ንከየስፋሕፍሑ ንምድራት ኢልና ኢና ኸኣ ነተኣታትዎ ዘለና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሀይየ/Bent Høie።

ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ምዓልታት ካብ ግዴታ ውሸባ ዝነበሮ ከባቢ ንዝመጸ ሰብ ኣብ ዶብ ኣብ ዝኣትወሉ ቦታ መርመራ ኮሮና ክወስድ ኣለዎ። ዓይነት እቲ መርመራ ፈጣን መርመራ ጸረ-ጂን ክኸውን ኣለዎ። ሕጂ እውን ከም ጠለብ ዝቐርብ ዘሎ ፈጣን መርመራ ጸረ-ጂን ወሲዶም ከም ዘለዎም ዘርእዩን ካብ ቀኣጠባዊ ክሊ ኤውሮጳን ክሊ ሃገራት ሸንገንን ወጻኢ ክይዶም ዝጸንሑን ንኖርወይ ክኣትው እንከለው ብተወሳኺ ኣብ ዶብ መርመራ-PCR ክወስዱ ኣለዎም ዝብል ኢዩ። ቅድሚ ሕጂ መርመራ-PCR ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ድሕሪ ምእታውካ ኢዩ ዝውሰድ ኔሩ። እዚ ስጉምቲ እዚ ካብ ወጻእ-ሃገራት ዝመጽእ ለብዒ ንምድራትን ሓደስቲ ተቐያያሪ ባህሪ ዘለዎም ቫይረሳት ንምቅላዕን ብወገን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ከም ኣድላዩ ስጉምቲ ተባሂሉ ተገምጊሙ ዝተኣታቶ ዘሎ ኢዩ።

ድሕሪ መገሻ ንንኖርወይ ብምእታው ኣብ ሆቴል ዘይውሸቡ ሰባት ኣብ መበል ሻውዓይ ምዓልቶም ንክምርመሩ ግዴታ ኢዩ ጸኒሑ ክሳብ ሕጂ። ሕጂ ግና ወላ ነቶም ኣብ ሆቴል ዝወሸቡ ንክምልከት ብዝብል ሕጊ ይቐየር። እቲ መርመራ ንምክያድ ንኡሳን ዞባታት ይሕተታሉ።

እዚ ምቕያር ሕጊ ካብ ሓሙስ ዕለት 29 ምያዝያ ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ይውዕል።
ከምኡ እውን ካብ ባንግላዴሽ፡ ህንዲ፡ ዒራቕ፡ ነፓል ወይ ፓኪስታንን ንዝመጹ ገያሾ፡ በጃካ ንኣዝዮም ውሑዳን ሕድገት ዝተዋህቦም እንተዘይኮይኑ፡ ኩሎም ኣብ ሆቴል ንክውሸቡ ትእዛዝ ንክወሃቦም ዝብል ሕጊ ተኣታትዩ ኣሎ። እዚ ጽንኩር ቅጥዕታት ነቶም ካብዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝመጹ ንኖርወይ ዝኣትው ገያሾ ዝምልከት ኮይኑ ካብ ዕለት 28 ምያዝያ

ሰዓት 12፡00 ኣትሒዞ ኣብ ግብሪ ይውዕል። እቶም ንኖርወይ ቅድሚ ምምጽኦም ኣብዘን ዝሓለፉ ንዓሰርተ ምዓልታት ኣብዘን ኣቐዲመን ዝተጠቕሳ ሃገራት ዘሕለፉ ኔርም ኰይኖም ኣብ ሆቴል ክውሸቡ ግድን ይኾውን።

ነዞም ገያሾ እዚኣቶም ዝምልከቶም ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ ውሸባ ሆቴል ኣብዚ ክንበብ ይከኣል her